# ኣብዚ ናይ መጽናዕቲ ፕሮጀክት ናይ ምስታፍ ሕቶ

## ናይ ሕርስኺ /ኣዋላልዳኺ/ ተሞክሮን ልምዲን

እዚ ኣቡቲ ቅዱስ ኦላቭ ሆስፒታል (ሴንት ኦላቭ ሆስፒታል) ዝገብሮ ፕሮጀክት መጽናዕቲ ክትሳተፊ ንዓኺ ዝቐረበ ሕቶ እዩ። ኣብዚ ፕሮጀክት እዚ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ሕርሲ ብዛዕባ ዝተገበረለን ክንክን ከመይ ከምዝረኸበኦ ክንሓትት ኢና። ኣብቲ እዋን ሕርሲ ዝነበረ ልምዲ ኣብተን ሓራሳት ዘሕደሮ ጽልዋ ከነጽንዕ እውን ድሌትና እዩ።

ኣብዚ ፕሮጀክት ምስታፍ ወለንታዊ እዩ። ቅድሚ ንምስታፍ ምውሳንኪ፣ ኣብዚ ምስታፍ ንዓኺ እንታይ ማለት ከም ዝኾነ ክንሕብረኪ ንደሊ። በጃኺ ቅድሚ ክትሳተፊ ምውሳንኪ እዚ ሰነድ ጊዜ ወሲድኪ ብጥንቃቐ ኣንብብዮ።

## እዚ ፕሮጀክት'ዚ ንምታይ ኣድለየ?

ሸቶ ናይዚ ፕሮጀክት'ዚ ኣብ ሞንጎ ሰራሕተኛታት ጥዕናን ዝሓርሳ ደቂ ኣንስትዮን ብዛዕባ ዘሎ ርክብን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን ኣፍልጦና ንምዕባይ እዩ። ዕድመ፣ ትውልዲ ሃገር፣ ወይ ከኣ ውልቃዊ ትጽቢት ናይታ ሓራስ ብምርኣይ፣ ኣብ ተሞክሮ ኣዋላልዳን ክንክንን ናይ ወላድ /ኣዶ/ ዕግበት ዝጸልዉ ነገራት እንታይ ከም ዝኾኑ ከነጽንዕ ኢና።

ኹለን ኣብዚ መጽናዕቲ ተሳትፎ ክገብራ ዝሳማማዓ ደቂ ኣንስትዮ፣ ንዝካየድ ቃለመሕትት መልሲ ክህባ ንላበወን። እቲ ናይ ቃለ መሕትት ወረቐት እዞም ዝስዕቡ ትሕዝቶታት ኣለዉዎ:- ሕቶ ብዛዕባ ኣብ ክፍሊ መዋለዲ ሴንት-ኦላቭ ሆስፒታል ክትበጽሒ ከለኺ ዝነበረ ኣቃባብላ፣ ናይ ሕርሲ ተሞክሮኺ ከመይ ከምዝነበረ፣ ክሳዕ ትሓርሲ ዝነበረኪ ትጽቢት፣ ቅድሚ'ዚ ዝነበሩ ኩነታት ሕርስኺ፣ ቅድም ኢሉ ዝነበረኪ ናይ ሂወት ተሞክሮ፣ ስግኣትን ስኽፍታን፣ ብዛዕባ ድሕረ-ባይታኺ ዝተወሰኑ ጭቡጣት ሓበሬታታት - ንኣብነት ቋንቋኺ እንታይ ከምዝኾነን ምስመን ከምትነብሪን። እቲ ቃለመሕትት 30 ደቒቓ እዩ ዝወስድ፣ ግን ከም ኣድላይነቱ ነዊሕ ጊዜ'ውን ክትወስዲ ትኽእሊ ኢኺ። እዚ ቃለመሕትት ድሕሪ ሕርሲ ኣብዘለዋ ቁሩብ ማዓልቲታት ኢና ክዛዘም ንደልዮ። ኣብዚ ቃለመሕትት ተሳተፍኪ ኣይተሳተፍኪ ኣብቲ ሕርሲ ንዝግበረልኪ ሕክምናን ክንክንን ዋላ ሓንቲ ኣይጸልዎን።

ብጃካ ኣብቲ ቃለመሕትት ባዕልኺ ትህብና ሓበሬታ- ብዛዕባኺ፣ ኣታሓራርሳኺ፣ ናይቲ ዝተወለደ ህጻን ሓበሬታታት (ንኣብነት ናይቲ ህጻን ሚዛን /ክብደት/፣ ኣጣቓቕማ ፈውሲ ቓንዛ) ካብቲ ኩነታት ጥዕና ዝገልጽ መዝገብ ንኽዋሃበና ናትኪ ስምምዕነት ንሓትት።

## ክህሉ ዝኽእል ረብሓን ጉድኣትን

እቲ ቃለመሕትት ምናልባሽ ክትምልስዮ ዘይትደልዩ ሕቶታት ሒዙ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከምተሳታፊት ከምዚኦም ዓይነት ኣዝዮም ውልቃዊ እዮም እትብልዮም ሕቶታት ክትምልሲ ግድን ኣይኮነን። እንድሕር ዳኣ ዝተወሰኑ ሕቶታት ሕማቕ ከም ዝስምዓኪ ዝገብር ኰይኑ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ ክፍሊ መዋለዲ ክሕግዙኺ እዮም። ኣብ ከምኡ ዝበለ ኩነታት ምስ ናይቲ ክሊኒክ ሓላፊት ኤልሳቤት ማግኑሰን ብቑጽሪ ቴሌፎን 92205929 ተራኸቢ።

ከም ተሳታፊት እዚ ቃለመሕትት እዚ ንዓኺ ቀጥታዊ ዝኾነ ረብሓ የብሉን። ግን እቲ መጽናዕቲ ንኹለን ኣብ ኖርወይ ዝወልዳ ደቂ ኣንስትዮ ዝበለጸ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽባ ኣበርክቶ ክገብር እዩ ኢልና ተስፋ ንገብር።

## ወለንታዊ ተሳትፎን ስምምዕኪ ናይ ምስሓብ /ምግዳፍ/ ዕድልን

ኣብዚ ፕሮጀክት'ዚ ምስታፍ ብወለንታ እዩ። ኣብዚ ክትሳተፊ ደሊኺ ፍቓደኛ እንተ ኼንኪ፡ ኣብዚ መወዳእታ ወረቐት እዚ ኣብ ዘሎ ቦታ ናይ ስምምዕ ክታምኪ /ፌርማኺ/ ኣቐምጢ። ኣብ ዝደለኽዮ እዋን፣ ዝኾነ ምኽንያት ከየቕረብኪ ስምምዕኪ ክትስሕቢ ትኽእሊ ኢኺ። ከምዚ ብምግባርኪ ከኣ ኣብ እትገብርዮ ቀጻሊ ህክምናታት ዋላ ሓንቲ ሳዕቤን ኣየምጽኣልክን።

ካብቲ ፕሮጀክት እንተንሳሒብኪ፣ እቶም ካባኺ ዝታኣከቡ ሓበሬታታትውን ይሰረዘለይ ክትብሊ፣ ብጃካ እቶም ናብ ትንተና ዝኣተዉን ወይ ኣብ ሳይንሳዊ ሕታማት ዝታሓተሙን ክስረዘልኪ ይኽእል'ዩ። ካብቲ ፕሮጀክት እንድሕር ዳኣ ከተንሳሕቢ ደሊኺ፣ ወይውን ኣብኡ ሕቶ እንተሃልዩኪ ምስ መራሒት እቲ ፕሮጀክት ጀኒፈር ኢንፋንተ ብቴሌፎን ቑጽሪ 94721964 ተራኸቢ።

## እቶም ዝሃብክዮም ሓበሬታታት እንታይ እዮም ክኾኑ?

ብዛዕባኺ ዝተመዝገቡ ሓበሬታታት ኣብ ረብሓ ክውዕሉ ዝኽእሉ ብመሰረት እቲ ኣብቲ ፕሮጀክት ሽቶ ተገሊጹ ዘሎ እዩ። ብዛዕባኺ ዝተመዝገቡ ሓበሬታታት ናይ ምፍላጥ መሰልን ከምኡውን ዘመዝገብክዮም ጌጋ ሓበሬታታት ናይ ምእራም መሰል ኣለኪ። ከምኡውን ብመሰረት ሕጊታት ዕቀባ ሓበሬታታት እቶም ዝሃብክዮም ሓበሬታታት ዝተታሓዙሉ ኣገባባት ናይ ምርኣይ መሰል ኣለኪ።

ኩሎም ሓበሬታታት፣ ናይመን ምዃኖም ብዘይልለይሉ ኣገባብ- ሽም፣ ቑጽሪ ልደትን ካሊእ ናይ መን ምዃኑ ከፍልጥ ዝኽእል ሓባሪ ዝኾነ ነገር ከይተጠቐሰ እዮም ዝታሓዙ። እቶም ዝርዝር ኣስማት ዘማሓድሩ፣ እቲ ናትኪ ሓበሬታ መታን ናትኪ ምዃኑ ብኻልኦት ሰባት ከይልለ ብኮድ (መፍትሕ ቃል/ቁጽሪ) እዮም ዝዕቀብዎ። እቲ ናይ ኣሽማት ሊስታ ዝፈልጦኦን ዝሕዘኦን - መራሒት ፕሮጀክት ጀኒፈር ኢንፋንቲ፣ ተማራማሪትን ተማሃሪትን ክሪስቲን ረፐንን ከምኡውን ናይ ምውላድ መጽንዒትን ጥራሕ እየን።

እዞም ናይዚ መጽናዕቲ ሓበሬታታት እዚኦም ዳሕራይ ኣብ ካሊእ እዋን እውን ንቐጻሊ ትንተናታት ናይ ምጥቃም ዕድል ኣሎ። እዙይ ማለት ነቲ ናትኪ ምዃኑ ዘይልለ ሓበሬታኺ ጥራህ እዩ።

ብዛዕባኺ ዘለዉ ሓበሬታታት ካሊእ ሰብ ከምዘይፈልጦም ኮይኖም ይታሓዙን፣ እንተደንጎየ እቲ ፕሮጀክት ምስ ተወደአ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ይስረዙን።

## ካሕሳ /ኢንሹራንስ/

ኣብዚ መጽናዕቲ’ዚ ዝሳተፉ ክሳዕ ሕጂ ዝፍለጥ ንጉድኣት ዝቃላዓሉ ዕድል የለን፣ ግና ዝኾነ ነገር እንተጋጢሙ ብናይ ታሓከምቲ ናይ መጉዳእቲ ካሕሳ /ኢንሹራንስ/ ኣቢሉ ይሽፈን።

## ምክትታል ፕሮጀክት

ካብዚ መጽናዕቲ’ዚ ብተወሳኺ፣ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተሞክሮ ሕርሲ ዝያዳ ክንፈልጥ ንደሊ ኢና። ኣብ ዳሕራይ እዋን፣ ምስ ሓዲኦን ተማራመርትና ኣብ ቃለመሕትት ክትሳተፊ እንድሕር ዳኣ ትደልዪ ኮይንኪ፣ ኣብዚ መወዳእታ እዛ ወረቐት ኣብ ዘላ ምልክት ሳንዱቕ /ስኩዌር/ ኤክስ /X/ ግበሪሞ ሽው ባዕልና ክንረኽበኪ ኢና። ሽው ክንረኽበኪ ኸለና ብዛዕባ እቲ እነካይዶ መጽናዕቲ ዝርዝሩ ክንገልጸልኪ ኢና። እቲ ሓበሬታ ብዝርዝር ምስነገርናኪ ኣብቲ ፕሮጀክት ንምስታፍ ወይ ንዘይምስታፍ ናጻ ምርጫኺ እዩ።

## ኣፍልጦ ምሃብ

ክልላዊ ኮሚቴ ሕክምናን ስነ-ምግባር ሳይንስ ጥዕናን፣ ነዚ ፕሮጀክት ገምጊሙ ቅድመ ኣፍልጦ (31332/2020 REK midt) ሂብዎ እዩ።

ብመሰረት ዕቀባ ሕጊ ውልቃዊ ሓበሬታ ናይቲ ሓበሬታ ሓላፊ ዝኾነ NTNUን መራሒት ፕሮጀክት ጀኒፈር ኢንፋንቲን ኣታሓሕዛ ናትኪ ሓበሬታታት ብመሰረት ሕጊ ዘቐመጦ ምዃኑ ናይ ምርግጋጽ በይናዊ ዝኾነ ሓላፍነት ኣለዎም። እዚ ፕሮጀክት፣ ኣብ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ስነስርዓት ሓለዋ ውልቃዊ ሓበሬታ ዓንቀጽ 6a ን ዓንቀጽ 9 ቑጽሪ 2 ን ናትኪ ስምምዕነትን ሕጋዊ መሰረት ዘለዎ እዩ።

ኣብ ጉዳይ ኣታሓሕዛ ሓበሬታታትኪ ናብ ዳታ-ቲልስይነ (Datatilsynet) ጥርዓና ናይ ምቕራብ መሰል ኣለኪ።

## ናይ ረኽቢ ሓበሬታታት

ነዚ ፕሮጀክት’ዚ ዝምልከት ሕቶ እንተሃልዩኪ፣ ምስ መራሒት እቲ ፕሮጀክት ጀኒፈር ኢንፋንቲ (ብቑጽሪ ቴሌፎን 94721964, ኢሜይል፡- jennifer.infanti@ntnu.no) ወይ ከኣ ምስ ናይ መዋለዲት ላዕለወይ ሓኪም ኤልሳቤት ማግኑሰን (ብቑጽሪ ቴሌፎን 92205929, ኢሜይል፡- Elisabeth.Balstad.Magnussen@stolav.no ) ተራኸቢ።

ኣብቲ ትካል ናይ ውልቃዊ ሓበሬታ ተጣባቒ /ታሓላቒ/ (ኢሜይል፡- personvernombudet@stolav.no) ይርከብ።

## መረጋገጺ ስምምዕነት

### ኣብቲ መጽናዕቲ ናይ ምስታፍ ድሌት ኣለኒ።

..........................................................................................................................................................................................................................

ቦታን ዕለትን ናይ ተሳታፊት ክታም /ፌርማ/

.................................................................................................

ናይ ተሳታፊት ሽም ብዓቢን ንጹርን /ድሙቕ/ ፊደል

ኣብ ዳሕራይ እዋን፣ ብዛዕባ ተሞክሮ ኣታሓራርሳይ ንምጽናዕ ኣብ ቃለመሕትት መሰረት ዝገበረ መጽናዕቲ ክሳተፍ ሓደ/ሓንቲ ተማራማሪ/ት ክረኽበኒ/ክትረኽበኒ ወለንተኛ /ፍቓደኛ/ እየ።

ኣብዚ ምልክት ሳንዱቕ ኤክስ /X/ ግበሪ ☐

*Signeres av forsker/ansatt:*

*Jeg bekrefter å ha gitt informasjon om prosjektet.*

---------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------------

*Sted og dato* *Signatur*

----------------------------------------------------------------------------------------------

*Rolle i prosjektet*